# ህልው ኩነታት 3ይ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ ኣቡነ እንጦንዮስ

- ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብንጹር ኣበይ ከም ዘለዉ በጀካ እቶም ዝሕልውዎም ወተሃደራት ዝፍለጥ ኣይኮነን።
- ካብ ዕለት 18 ሓምለ 2005 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሮም ካብ መንፈሳዊ ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን ብዘይ ሓደ ገበን ተሰጒጎም፡ ቤት ጽሕፈቶም ተዓጽዩ፡ፋክሶም ተቖሪጹ፡ ቴለፎኖም ተበቲኹ፡ ከይገሹ ፓስፖርቶም ተሓዲጎም ኣብ ማሕዩር ከም ዝነበሩ ግና ይፍለጥ።
- ብድሕሪ እዚ ዕለት 13 ጥሪ 2006 ዓ.ም.ፈ. ካብ ፓትርያርክ ኣውሪድናካ ዝብል ብመለክዒ ሕጊ መሰረት ዘይርከቦ፡ ከሳስን ተኸሳስን፡ ዳኛን ፍትሕን ኣብ ዘይብሉ ብደብዳቤ ንዓለም ዘገረመ ፍጻመ ኣብ ልዕሌኦም ተወሲዱ።
- ብዕለት 20 ጥሪ 2007 ዓ.ም.ፈ. ብክልተ ልኡኻት ዮፍታሄ ዝኾኑ፡ ቀሺ ፍጹም ተስፋይን ቀሺ ገብረ ኤዎስጣቴዎስ ኪዳነን ዝበሃሉ ምስ ሰለስተ ወተሃደራት ጸጥታ ኮይኖም ናይ ቅዱስ ኣቦና ልብሰ ግርማኦም፡ ኣኽሊል ቖቢኦም፡ በትሪ ጉስነቶም፡ ወግዓዊ ማሕተሞምን (ናቶም ቲተር) ብሓይልን ጎነጽን ተሓዲጎም።
- ስሞም ኣብ ጸሎተ ቅዳሴ ከይዝከሩ፡ ቅዱስ ቁርባን ከይቕበሉ፡ ናብ ቤተ ክርስቲያኖምን፡ ገዳሞምን ከይከዱ ተኸልኪሎም፡ ምስ ቤተ ሰቦምን፡ ፈተውቶምን ከይራኸቡ ተጨውዮም፡ በጀካ እግዚኣብሔር ረዳእን ሰማዕን ኣብ ዘይብሉ ስዉር ናይ ስቅያት ቦታ ኣለዉ ይበሃል
- ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ከም ክርስቶስ ብዘይ ገበርዎ ተዋሪዶም፡ ብዘይፍትሒ ብትእዛዝ ዮፍታሄ ተኣሲሮም፡ መንበር ቅድስንኦም ተሓዲጎም፡ ብሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን፡ ብቀይዲ ምንቅስቓስን ካልእ ጸገም ጥዕናን ዝሳቀዩ ዘለዉ ናይ ዘመንና ሓዋርያ ናይ ሃይማኖትና ሰማዕት እዮም።
- ንፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ምእሳር ማለት ግና ምስ ልኡኽ እግዚኣብሔር ምብኣስ፡ንኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ምፍራስ፡ ኣብ ልዕሊ ሓዊ ምድቃስ ማለት ስለ ዝኾነ ሓቀኛ ዕላምኦም ዓለም ምሉእ ዝፈለጦን ብቀሊሉ ዘይዓርፍን ብምድርን ብሰማይን ከቢድ ኩነኔ ዘስዕብ ጉዳይ እዩ።
- ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ጻጻሳታ ጠሊሞማ ሎሚ ጸልማት እንተኾነ ጽባሕ ግና ክበርህ እዩ። ሎሚ ፍርዲ ሓሶት እንተ ተኣወጀ ጽባሕ ግና ቅኑዕ ፍትሒ ክነግስ እዩ።ንጊዚኡ ግና ካህናታ ተሰጊጎም ዲያቆናታ ተገፊዮም ሊቃውንታ ተኣሲሮም መንእሰያት ተበቲኖም መጉሃዪ ዓለምን መላገጺ ዘይሓላፍነታውያን ሰባትን ኮይና ኣላ።
- ይኹን እምበር ኣቦታት ይሓዝኑላ፡ ኣዴታት ይበኽያላ፡ ቅኑዓት እምነት ይጽልዩላ፡ ውፉያት ደቃ ይጽዕሩላን እኳ እንተ'ለዉ ደገፍን ምትሕብባርን ኩሉ ኣማኒ ድማ ንህላዌ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣድላዪ እዩ።

በዚ ኣጋጣሚ ዝተጋገየ ንኽጠዓስ፡ ዝተሰነገ ንኽምለስ፡ ዝጎሃየ ንኽሕጎስ፡ እግዚኣብሔር ሰላሙን ምሕረቱን ክህበና ቅዱስ ፍቓዱ ይኹን።